# መሰረተ ሃገር ዓዲ።

## 8ይ ክፋል 08.08.2006

### ሰብ ኣብ ኤርትራ፡ ዜግነቱ ብዓዱ፡ ሃይማኖቱ ከኣ ብማህጸን ኣዲኡ፡ እዩ ዝልለን ዝፍለጥን።

ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትንናን ብዛዕባ መንነትን ዜግነትን ሃይማኖትን፡ ኣተሓሒዞም ክገልጹ እንከለው፡ “ኤርትራዊ ዜግነቱ ዓዱ፡ ሃያማኖቱ ከኣ ማህጸን ኣዲኡ እዩ“ ይብሉ። እዚ ዘረባዚ ብናልባት ብነጸላ ፍልጠት፡ ከየቕለብካ ብላዕላይ ላዕላዩ እንተድኣ ርኢኻዮን፡ ሰሚዕካዮን፡ ከም ጽውጽዋይ ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል ይኸውን። ብምስትንታንን ብኣድህቦን፡ ማለት ልብኻ ኣንጽህ ኣቢልካ፡ ኣምሮኻ ክፍት ኣቢልካ፡ ነቲ ቅዱስ ባህልኻ ኣብ ግምት ኣእትው ኣቢልካ፡ ክትሰምዖ እንተድኣ ክኢልካ ግን፡ ኣመጻጽኣ እዚ ኣምርዚ፡ ብርግጽ ባህርያዊን ነገራዊን ታሪኻዊን ከምዝኾነ፡ ጦብላሕ ክብለካ ይኽእልዩ።

ካብኡ ቅጽል ኣቢልና ከነቕርቦ እንደሊ፡ ዓቢ ትሕዝቶ ዘለዎ ረዚን መልእኽቲ፡ በዘልማድ ኣብ ነብሲ ወከፍ ዓድታት ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ፡ ኣብ ዓድታት ኤርትራ ገሽካ ክትመጽእ ኣንከሎኻ፡ ዝዝውተር ባህላዊ ኣቀባብላ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ክቐርብ ይርአ። ንኣብነት ሓደ ጋሻ፡ “ከምዓልኩም ሰብገዛ“ ክብሉ ከለው፡ እቶም ብዓል-ገዛ ወይ ብዓልቲ ገዛ ከኣ፡ እግዚኣብሄር ይመስገን እተው“ ይብሎም። ካብኡ እቶም ተቐባል ጋሻ ማለት ብዓል ገዛ፡ ወይ እተን ተቐባሊት ጋሻ፡ ብዓልቲ ገዛ ዝኾና፡ ከምዚሎም ወይ ኢለን ነቶም ጋሻ ብብሩህ ገጽ ይሓትኦም። “ወዲ መን ኢኹም ካበየናይ ዓዲ’ኸመጺእኩ?“ እገለ ወዲ እገለ እብሃል፡ ወዲ ዓዲ እገለ፡ ከኣ እየ“ ኢሉ ምስ መለሰለን፡ “እዊይ! ኣንቃዕ ብድሓን መጻእኩም በሉ“፡ ኾልኹም ዓቢኹም ንእስቶኹምከ ከመይ ኣሎኹም“? ኢለን ምውቕ ሰላምታ ምስ ሃቡኦም፡ መንበር ቀሪበን ቅጻዕ ኣንጺፈን፡ እስከ ኮፍ በሉ“ ይብልኦም። ካባኡ ጽንሕ ኢለን፡ ነታ ንእሽቶ ጓለን “ንዕስኪ ለተዝጊ ጓለይ ማይ ቅድሕ ኣቢልኪ ኣስትዪዮም“ ይብልኣ። ነታ ዓባይ ጓለን ከኣ ለተጸን እስከ ዛጓለይ ቅልጥፍ ኢልኪ፡ ነዞም ጋሻ ቡን ቅለውሎም“፡ ይብልኣን። እቲ ቀንዲ ትርጒሙን መልእኽቱን ከኣ፡ ነታ ንእሽቶይ ጓለን ገና ንእሽቶ ስለዘላ ቀልጢፉ ማይ ምሰ ኣስተየቶም፡ ንደገ ክትጻወት ክትከይድ፡ ነታ ዓባይ ጓለን ግን ጎቢዛ ስለዘላ፡ ኮፍ ኢላ ቡን ቆልያ ከተስትዮም፡ ካብኡ እቶም ጋሻ ወዲ ሓደ ፍሉጥ ዓዲ ምዃኖምን፡ ውሉድ ወዲ ውሉዳት ስለዝኾኑን፡ መልክዓ ጽቡቕ ገይሮም ከለልዩዋ፡ ብሞያኣን ጣቁኣን ማለት፡ ብኣቀራሪባን ኣፈላልሓን ቡን ክማረኹሞ፡ ካባኡ ዓዶም ምስተመልሱ፡ ንወዶም ወልደጽዮን መታን ከሕጽዩዋ ስለዝሓሰባ እየን።

“ሰብ ኣብ ኤርትራ ዜግነቱ ብዓዱ፡ ሃይማኖቱ ከኣ ብማህጸን ኣዲኡ እዩ ዝፍለጥ፡ ዝብሃል ኣምር ወይ ጽንሰ-ጽንሳብ፡ ክበርህ እንተድኣ ኮይኑ፡ ንኣብነት እታ “ሰብ ኣብ ኤርትራ ዜግነቱ ብዓዱ እዩ“ ዝግለጽ እትብል፡ ፍልይ ኣቢልና ክንገልጻ እንተድኣ ኮንና፡ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ትሕዝቶኣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ጀሚሩ፡ ኣብ ኩሉ ዓድታትን ወረዳታትን ኣውራጃታትን ኤርትራ፡ ዝነብር ዝነበረን፡ ክሳብ ሕጂ ዘሎን ኤርትራዊ፡ ብወዲ እገለ፡ ብወዲ ዓዲ እገለ እዩ ዝፍለጥ ጸኑሑን ዘሎን። ግዳማውያን ሓይልታት ዝፈጠሩዎን ዝተኣታተውዎን ወይ ከኣ ህዝብና ተለቂሑ ዘምጽኦ ምጽእተኛ ኣይኮነን።፡ ማለት ኮሎንያል ቱርኪ ይኹን ኮሎንያል ጣልያን፡ ወይ ኮለንያል ግብጺ፡ ወይ ከኣ መሳፍንትን ገዛእትን ኣትዮጵያ ዘምጽኡዎ ዘይኮነ፡ ባዕሎም እቶም ኾሩዓትን ሕቡናትን ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን፡ ኣብ መበቆሎምን መንነቶምን ተመርኲሶም፡ ካብ ውሉድ ወለዶ እናመሓላለፉዎን ኣናኣውረሱዎን ዝመጸን፡ ዘጽንሑልናን ውሕሉልን ቅዱስን መለለዪና ውርሻ እዩ።

እታ “ሰብ ኣብ ኤርትራ ብማህጸን ኣዲኡ እዩ ዝፍለጥ“፡ እትብል ካልኣይትን ኣዝያ ኣገዳሲ ዝኾነት ጽንሰ-ጽንሳብን ከኣ፡ እቲ ቀንዲ ምስጢራን ትሕዝቶኣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ኣብ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ፡ ሓደ ውሉድ ወይ ቆልዓ ኤርትራዊ፡ ሃይማኖቱ በዲኡ እዩ ዝግለጽ ጸኒሑ። እዚ ማለት ከኣ፡ እቲ ሰብኣይ ብዙሕ እዋናት ኣብ ውግእን፡ ኣብ ምክልኻል ሃገርን ይስዋእን ይጠፍእን ስለዝነበረ፡ እታ ኣደ ግን ኣኽሊል ገዛ ኮይና፡ ደቃ ሓብሒባ ትጸንሕ ስለዝነበረት፡ እቲ ውሉድ ከኣ ምስ ኣዲኡ እዩ፡ ዝጸንሕን ዝነብርን ነይሩ። በዚ መኽንያትዚ ከኣ እዩ፡ እቲ ኤርትራዊ ቆልዓ ካብ ጥንቲ መለለዪ ሃይማኖቱ ማህጸን እዲኡ እዩ ተባሂሉ ክንገረና ጸኒሑ። እዚ ከኣ ኣብ ነገራዊን ባህርያዊን ዝተመስረተ ድንግል ሓቂ እዩ። ሎሚ ግን ኣብ ኤርትራ ሃገርና፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ከምቲ ዝጸንሐ ንቡርን ቅዱስን ባህሊና፡ ኣብ ዓደን እናነበራ፡ “ወዲ ውለድለይ ዓዲ ክትኮንለይ“ እናተባህለ፡ “እልል“ ተባሂሉለን፡ ድሕሪ ህጽኤን፡ ብወግዒ ቓል ኪዳን ምስኣሰራ፡

ወሊደንን ዘሚደንን፡ ሃይማኖተን ኣጽኒዐንን፡ ዓደን ተኺለንን ንኽይነብራ፡ ኣብቲ ዓቕሚ ሄዋን ዝበጽሓሉ ዕድሚአን፡ ብቐስብ ተገፊፈንን ተጨውየንን፡ "ንሳዋን ንኣገልግሎት ሃገርን" እናተባህለ፡ ደም እናነብዓ ተዘሪዐን፡ መዛናግዒ ሰብ ጽሮራ ህግዲፍ ኮይነን ይሳቐያ ኣሎዋ። ካብኣተን ብዙሓት ከኣ ካብ መን ከምዝጠነሳ ከይተፈልጣ፡ ደቓሉ ከዕብያ ላሕ ይብላ ኣሎዋ። እዚኸ ብሰንኪ መን ኮን ይኸውን? መልሱ ንኹላትና ንጹር እዩ። ብሰንኪቶም ዓዶም ወይ ዓውዶም ዘይፍለጥ፡ ደቂ ሔማን ደቂ ዓድን ዘይኮኑ ንብባዕሎም ደቓሉ፡ ካብ ፍሉጥ ማይቤትን ዓዲን ዘይተወልዱ፡ ከይተወልዱ ይትረፉ፡ እካብ ወዲ እካብ ኣዝማሪኖታት፡ መራሕቲ ህግዲፍ ጥራይ እዩ። ነዚ ስውራት መሃንድሳት ዝኾኑ ዋናታት፡ ዘሎዎ ርኹስን ረቂቕን፡ ጸረ መሰረት ዓድን፡ ጸረ ሃይማኖትን ዝኾነ ወፍሪዚ፡ ኣይኮነንዶ ኣብ ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ቅዱስ ህዝቢ ክፍጸምስ፡ ኣብ ሲነማ ትያትሮን ክትርእዮውን ዘፈንፍነካ ርኹስ ተግባር እዩ። እዚ ብዞም ርጉማት ልኡኻት ሳጥናኤል፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዝፍጸም ዘሎ ነውራም ወፍሪዚ፡ "ድሕሪ ሰለፉ እንታይ ተረፉ" ከምዝብሃል፡ ከመይ ገርካ ከምዝቕንጠጥ ከይውዓልና ከይሓደርና፡ ክንብገሰሉ እዋኑ ይጠልበና ኣሎ። ብሕልፊ ሎሚ እዋንሞ ከኣ፡ ግዜኡ ዝእኸለ እዩ ዝመስል ዘሎሞ፡ ብዝሓለፈ ግዕዙይ መስርሕ ኣወዳድባ፡ ማለት ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ጥራይ ዝኸይድ ዝጸንሐ፡ ኣወዳድባ ቀይርና፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ፡ ካብ መሰረተ ሃገር ዝኾነ ዓዲ ንወረዳ፡ ካብ ወረዳ ንኣውራጃ፡ ካብ እውራጃ ንሃገር ኤርትራ፡ ገጹ ዝኸይድ፡ ከዓውትና ዝኽእል ቅርጺ ኣሰራርዓን ኣወዳድባን ተኸቲልና፡ ሃገርና ከነድሕን ንበገስ። ሃየ ተሰፋ ኣይንቑረጽ፡ ካብ ተፈላሊና ብሓባር ንጠፍእ፡ ተሓባቢርና ብሓባር ክንድሕን ንጽዓር።

እቶም መራሕቲ ውድባት ዝብሃሉ እንተኾኑውን፡ "ህግዲፍ ከምዚኣ በሉ፡ ከምዚኣባ ገበሩ፡ ኢሳያስ ከምዚኣ ደገመ፡ ትማሊ ኣብ ሃገር ሱዳን ከይዱ ከምዚ ገሩ ንኪዳን ኣባህሪሩ፡ ኣብ ሃገር ሶማል ከኣ መሳርያ ዝጸዓነት ነፋሪት ልኢኹ"፡ ኣናበሉ፡ ንህዝብና ኣራግሙና ጥራይ ካብ ዝብሉ፡ ህዝቢ ንኽቃለስ ክቃልሱዎ ግዜ ይጠልቦም ከምዘሎ፡ ክርድኡ ክፍትኑ ይግባእ። እቲ እሳያስ ዝገብሮስ ህዝብና ባዕሉ ፈሊጡዎ ኣሎ፡ ኣቃባሊ ወረ ኣይሕግዞን እዩ፡ ተቓሊሱ ዘቃልሶ ጥራይ እዩ ዝብህግ ዘሎ። ካብኡ ሓሊፉ፡ ህዝብና ዘራግሙዎ ዘይኮነስ ዝሕግዙዎ ደቂ ሃገር ጥራዩ ዝደሊ ዘሎ።

እቲ ካብ ክሉ ክርሳዕ ዘይክእልን፡ ዘሕዝንን ሓደ ታሪኻዊ ነገር እንተሎ፡ እቶም ክሳብ ሎሚ መብዛሕትኦም "ተቓወምቲ ሓይልታት ኢና"፡ ዝብሉ ዘለው፡ ማለት እቶም ብሰማንያታት ካብ 1981-1982 ካብ 40 ሽሕ ዘይውሕዱ ሰራዊት ሓርነት መሪሖም፡ ንመሬት ሱዳን ኣና ወሞራዬ እናበሉ ዘሰለሙዎም፡ ገናውን ክሳብ ሎሚ፡ "መራሕቲ ኢና፡ ንኢሳያስ  ክንትከኦ ኢና"፡ እናበሉ ዝሓልሙ ዘለው እዩ። ንሱ ከኣ ካብታ ጀብሃ ንመሬት ሱዳን ዝኣተወትላ ስዓት ኣትሒዞም፡ ክሳብ ለይቲ ሎሚ፡ ኣብ ክንዲ ንዝሓለፈ ጌጋታቶም ገምጊሞም፡ ሓዲሽ እስትራተጂ ሓንጺጾም፡ "ስለምንታይ ኣብ ከምዚ ወዲቕና ዝሓለፈስ ሓሊፉ፡ ሕጂኸ እንታይ ንግበር" ኢሎም ንህዝብና ተስፋ ዝህብ ጥርኑፍ ሓይሊ ኣጥሪዮም፡ ብሓድሽ መንፈስን ብስሙር ቅልጽምን ጠርኒፎም፡ ኣንጻር ህግደፍ ዘኽትቱዎን፡ ተቓሊሶም ከቃልሱዎ ዝፍትኑን፡ ብኣንጻሩ ግን "ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ጸሎቶም" ኮይኖም፡ ቍጽሮም ክሳብ 20 ውድባት በጺሑ፡ ፍርቆም ልኡኻት እሳያስ፡ ፍርቆም ልኡኻት ወያኔ፡ ፍርቆም ልኡኻት ኣኽረርቲ ሃይማኖት ጅሃዳዊ ክንፊ ኮይኖም፡ ንህዝብና ተስፋ ቆሪጹ ብሓለንጊ ህግዲፍ ክልብለብ፡ ኣማዕድዮም ክርእዩዎ ክትርኢ ከሎኻ እዩ።

ንሱ ጥራይ ከይኣኽሎም ከኣ፡ ሓንሳብ ብስም ምሕዝነት ሓንሳብ ብስም ኪዳን፡ ክእከቡን ክፍንጥሑን ጽሓይ ክዓርቦም ክትርእዮም ከሎኻ እዩ። ርግጽዩ፡ ኣብዛ ንነብረላ ዘሎና ዓለም፡ ዝኾነ ንውልቃዊ መኽሰብ ዝሰርሕ ውልቀሰብ ይኹን፡ ንሓባራዊ ረብሓ ዝዓዪ ጕጅለ" ወይ ውድብ፡ ጌጋ ዘይገብር የልቦን። እቲ ብገጋኡ ተማሂሩ፡ ነቲ ግድል ፈቲሑ፡ ንቕድሚት ክምርሽ ከሎ ግን ባህርያዊን ነገራዊን እዩ። ጌጋኡ ኣሪሙ ብሓዲሽ መንፈስ እንተድኣ ተኳዒዙውን ከም ጌጋ ኣይቅጸርን እዩ። ባንጻሩ ግን ንህዝቢ እውክልየ እናበለ፡ ጌጋቱ ከይኣረመን፡ ኣብ ሕሉፍ ግጉይ ታሪኹ እናተቛማጠዐ፡ ብምስምስን ብመኽንያታትን ንጌጋታቱ እናሸፈነ፡ ዘይፍጸሙ ተስፋታትን ንህዝቢ እናተመባጽዐ፡ ንመዋእል ክቕጽል ክትርኢ ከሎኻ ግን፡ ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ። ብሓቂ ከኣ ኣሽንኳይዶ ንረብሓ ህዝቢስ ንረብሓኡውን ክጣበቕ ኣይካልንዩ ከብለካ ይኽእል። እዩ ኸኣ።

እቲ ካብ ኩሉ ዘስደምም ሓደ ነገር እንተሎ ከኣ፡ መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣኢን ብሃልቲ፡ ካብታ ዘለውዋ ንቕድሚት ገጸም ምንቕ ከይበሉን፡ ማለት ሓንሳብ ኣብ ካስል፡ ሓንሳብ ኣብ ዳርምሽታት፡ ሳሳ ሽሕ ሰራዊት በቲኖምስ፡ 200 ዕዱማት ምስ ቆልዓ ሰበይቲ ኣዋህሊሎም፡ ዘይፍጸም ተስፋታት ነቲ ኣብ ተስፋ ምቕራጽ ገጹ ዝጕዓዝ ዘሎ ህዝቢ፡ ከተስፉዉዎ ክትርእን ክትሰምዕን ከሎኻ ዘሕዝንዩ። ከምኡውን ብሪሞት ኮንትሮል፡ ብመንግስቲ ወያኔ ተጠሊቦም፡

ንሓዲሽ ኣበባን ንካርቱምን ክላኽዑን ከለው የጕህየካ። ብዓል መስፍን ሓጎስ፡ ኣድሕኖም ገብርማርያምን፡ ዓብደላ ኣደምን ዝብሃሉ፡ ኣባላት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ነበር ከኣ፡ ነቲ ብ1997 ዝተዳለወ "ሕገ-መንግስቲ ዝብሃል ቅዋም፡ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣሎዎ፡ ጅ15 ብጾትና ተኣሲሮም፡ ዲክታቶር ኢሳያስ ብጽግናዶ ብመሰረታዊ ለውጢዶ ክቕየር ኣሎዎ" ብዝብል መበገሲ ብምግባር፡ ትማል ትማል ካብ ኣስመራ ተበጊሶም፡ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካን፡ ኣብ ሱዳንን ኣብ ኢትዮጵያን ተዋፊሮም፡ ኣባላት ክውድቡን ሰሚናራት ከካይዱን ሰልፍታት ክምስርቱን ክትርኢ ከሎኻ እዩ። እዚ ጥራይ ከይኣክል ከኣ ብወገን ሓያሎይ መራሕቲ ተቓወምቲ፡ ዲሞክራስያ ካብ ህግዲፍ ተወሊዳ ክትመጾም ቅልጭ እንበሉ ክጽበዩዋ ክትዕዘብ ከሎኻ እዩ። ርግጽዩ ህግዲፍ ነቲ ካልኦት ተቓወምቲ ኤርትራውያን ሓይልታት እጃመን ዘይሓወሳሉ "ሕገ-መንግስቲ" ዝብሃል ቅዋም፡ ኣጽዲቑዎ ነይሩ እንተዝኸወንውን፡ ንጭፍራ ህግዲፍ ሕጋዊ ከግብሮ ከቶ ኣይክእልን እዩ ነይሩ። ህግዲፍ ብዘይ ሕገ-መንግስቲ እንሆ ካብ 1991 ዓ.ም ጀሚሩ ንኣስታት 15 ዓመታት፡ ሃገር እመርሕ ኣሎኹ እናበለ፡ ሃገር ተዓጢቑ ከጥፍእ ይርአ ኣሎ። ብዘይ መንግስቲ ዝመርሕ መንግስቲ ሽፍታ እምበር፡ መንግስቲ ክብሃል ከቶ ኣይክኣልን።ንግዜኡ ብዘይ ሕገ-መንግስቲ እመርሕ ኣሎኹ፡ ዶብ ጥራሕያ ጸገምና'ምበር፡ ኵሉ ድሕሪ ዶብ ምሕንጻጽ ክሰላለጥዩ፡ ሽሻይ ከም ማና ክወርድ እዩ"፡ እናበለ ንህዝቢ ከታልል ዝጸንሐ ጭፍራ ወንበዴ ህግዲፍ፡ ሕጋዊ ክኸውን ኢልካ ምጽባይሲ ማይ ምሕቃን እዩ። ኣረ ሎሚስ ኣዝዩ ማዕቢሉ እዩ ዝብሃል ዘሎ። ነቶ ኣኽረርቲ ሃይማኖት ናይ ሶማል፡ መሳርያታት ብነፋሪት ክጓርተሎም ጀሚሩሎ። "ዘይዓቢ ቈልዓስ ክሳዱ ይነውሕ" ከምዝብሃል፡ ሕጂስ በዚሑ። እቶም ብዓል መስፍን ሓጎስ፡ ቅድመ ግንባር ኪዳን ኮይኖም፡ "ብሰላማዊ መንገኢ ገርካ፡ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ክመጽእ ይክኣልዩ" እናበሉ፡ ዘይፍጸም ተስፋ ንህዝብና ዝህቡዎ ዘለውን፡ ኣይግድን፡ "ኣናፍራ ቆቛሕ ዘይፈለጠስ ኣይሃዳናይን" ምባሎም ጥራይ ይሓይሽ።

ኣብዚ እዋንዚ፡ ብዙሓት ተዓዘብቲ ፖለቲካ፡ ትዕዝብቶም ክገልጹ ከለው፡ ከምዚ ይብሉ፡ "እዞም ዲክታቶርያዊ መንግስቲ ክቕየር ኣሎዎ ኢሎም፡ ብጾቶም ጂ15 ኣቶ ኢሳያስ ምስ ኣሰረሎም፡ ካብ ኣስመራ ተዋፊሮም ዘለው መራሕቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ነበር፡ ብሕልፊ እቲ ብመስፍን ሓጎስ ዝምራሕ ሰልፊ ዲሞክራሲ ዝብሃል ውድብ፡ ቀንዲ ዝንባሌኡን ተልእኾኡን ሰላማዊ ቃልሲ እዩ ዝብል። ንኣብነት ኣብቲ መጀመርያ፡ መስፍን ሓጎስ ክንቀሳቐስ ክጅምር እንከሎ፡ ማለት ብ2001 ዓ.ም፡ ዝተሰምዐ ዜና፡ ዲፕሎማት ፓስፖርቱ ተሓዲጉ፡ ሓዲግ መዲግ ኮይኑ ኣሎ፡ ሕጂ ግን ክቃለስ ወሲኑ ኣሎ"። እዩ ተባሂሉ ነይሩ። ጸኒሕና እቲ ኵሉ መደብ ዕዮታቱን ገምጋም ውጽኢት ምንግስቓሳቱን፡ ብመጽናዕቲ ምስተኸታተልናዮ ከኣ፡ ኣውራ መደብ ዕዮኡ፡ ኣብ ኪዳን ተጸንቢሩ፡ ንኪዳን በዊዙ በዋዊዙ፡ ነፍዩ ነፋፊዩ፡ ግለታ ጐሒፉ ጐሓሒፉ፡ ዝሓዘ ሒዙ፡ ብቕድመ ግንባር ኮይኑ፡ መእተዊ ዓዲ ክገብርሞ፡ ምናልባት እቶም ጎይተቱ እንተ ፈቒዶምሉስ፡ ንኢሳያስ ክትክኦ እዩ ዝሕለም ዘሎ ይብሃል። ብድሕሪኡ ምስፍን ሓጎስ እታ ሕልሚ ሻዕብያን ህግዲፍን ዝነበረት፡ ሕዋስ ዘይብላ መንግስቲ ህግዲፍ፡ ብፓርትታትን ብኣማረጽቲ ኮሚተን ዘይተሰነየት መንግስቲ ዞባ ማእከል ንምትካል፡ ጥራይ እዩ ተልእኾኡ" ይብሉ። ከምኡውን እቶም ተዓዘብቲ ወሲኾም ክሕብሩ ከለው፡ ብስዉርን ብርቕቕ ዝብለ ሜላን፡ መንግስቲ ህግዲፍ ዘዋፈሮም፡ ኣብ ውሽጢ ውድባት ተደጕሎም ዘለው መሻርኽቲ መስፍን፡ ይተሓባበሩዎ ከምዘለው ተበጺሑ ኣሎ" ይብሉ።

እቲ ጭብጥታት ከኣ "ንዓሻን ደርጕሓሉ ክንደይ ከይበጽሑ፡ ንለባም ከኣ ኣምተሉ ክንደይ ከይስሕቶ" ከምዝብሃል፡ ኣብቲ ካብ 25 ክሳብ 29 ሓምለ 2006 ዓ.ም.፡ ኣብ ሃገረ ጣልያን ከተማ ሚላኖ፡ ዝተጋባኤ ጕብኤ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ንዝተኻታተለ ግዱስ ኤርትራዊ ክግንዘቦ ይኽእል እዩ። እምብኣር ህሉው ኩነታት ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ፡ ብሕጽር ዝበለ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ እዩ።

ብወገን ጉጅለ ህግዲፍ እንተተኻታተልና ከኣ፡ ሕገ-መንግስቲ ዝብሃል ክሳብ ሕጂ ከምዘየጥረየ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ከጥሪ ዝኽእል ራእዩውን የብሉን። ሓደ መንግስቲ ዝብሃል፡ ብህዝቢ ዝተሓገገ ሕጊ-እንዳባ ወይ ቅዋም ክሳብ ዘይጸደቐ ከኣ፡ መንግስቲ እዩ ክብሃል ኣይከእልን እዩ። ህርፉን ጸባ ዘለዎ ጓግድ ማይ ወድኣ ከምዝብሃል ግን፡ ህዝቢ ኣኤርትራ ነጻነት ተሓሪሙዎ ስለዝጸንሐ፡ ነዞም ጁጅማጁ ጭፍራ ህግዲፍ ዓይኑ ከይሃሰየ ተቐቢሉዎም። እንሆ ከኣ ሕጂ ከፊኣቶ ኣላ። እዚ ጭፍራዚ ብህዝቢ ከም መንግስቲ ክፍለጥ ይክኣልዩ ክብሃል ከቶ ኣይደፍርን እዩ። ካብ ሚእቲ እቶት ሚእቲ ሓሶት ዝብል መምርሒ መሪጹ፡ ብዶብ ባዱመ እናግዓረ፡ ህዝብን ሃገርን ለኪሙ፡ ንመንገዲ ጥፍኣት ክምርሽ ጥራይ ይርአ ከምዘሎ ግን: ንማንም በርኣያ ስላሴ ዝተፈጥረ ኤርትራዊ ክስወሮ ዝኽእል ኣይኮነን። እዚ ሃገር ዘዕኑን መንእሰይ ወለዶ ዘጽንትትን፡ ህዝቢ ሃገሩን ዓዱን ገዲፉ

ንስደት ንኽምርሕ ኣውራ ጠንቂ ኮይኑ ዘሎ፡ ንሕና ክሳብ ዘሎና ኤርትራ ክትህሉ'ያ፡ ብድሕሪና ግን ዋላ ትጥፋእ እናበለ፡ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ኢሉ ንዕርበት ዘጋልብ ዘሎ፡ ስርዓት ሰይጣን ጉጅለ ህግዲፍ፡ ከም መንግስቲ ክትቅበሎ ኣዝዩ ዘሕፍር እዩ። እንተተኻኢሉ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ኤርትራዊ፡ ብሓባር ተቓሊሱ ክቕይሮ እንተዘይ ፈቲኑ፡ ካልእ ፍታሕ የልቦምን። መራሕቲ ህግዲፍ ባዕሎም ስልጣን ንህዝቢ ከረክቡን፡ ዲሞክራስያዊ ባይታ ከጣጥሑን፡ ዝጽበ ሰልፊ ወይ ውድብ ኣንተድኣ ሃልዩ ግን፡ ንህዝቢ ኣሃሚሉ ስልጣን ኢሳያስ ንምርካብን ንምብሓት ዝሓልም ጥራሕ ክኸውን ኣሎው። ወይ ከኣ ናይ ሓደ ቅርሺ ክልተገጽ ዝኾነ ስዉር ጉጅለ ህግዲፍ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። እቲ ካብ ኵሉ ዘስደምምን ዝገርምን ሓደ ነገር ኣንተሃልዩ ከኣ፡ ክሳብ ሕጂ ንህዝቢ ዝጠቅም ሃገራዊ መደብ ዕዮ ሒዙ፡ ምልክት ቃልስን ሃገራዊ ድሕነት ሓቝፉ፡ ዝቃለስ ዘሎ ሓይሊ ኣይተራእየን። እሞ ብኽምዚ ገርካ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ክመጽእዩ፡ ዝብል ሰብ ኣንተድኣ ሃልዩ ከኣ፡ ማይ ምሕቛን ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኻል። ብኣንጻሩ ግን ሓደ ብኤርትራ ሃገሩ ዝሕበን ወዲ ይኹን ጓል ሃገር፡ ተስፋ ከይቆረጸ ንህዝቢ ፍታሕ ክኸውን ዝኽእል ሃሰስ ክብል እዋኑ ይጠልቦ ኣሎ። ንሱ ከኣ ንህዝቢ ከዓውቶ ዝኽእል እቲ ህዝቢ ዝደልዮ ስትራተጂ ዓዲ፡ ወረዳ ኣውራጃ ሃገር ጥራይ እዩ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ፍታሕ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ድኣንበር፡ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ከዕውተና ከምዘይክእል ድሮ ተፈቲኑስ ውጽኢቱ ከኣ ተገንዚብናዮ ኣሎና።

ህግዲፍ ከም ውድብ፡ ምስ ካልኦት ውድባት ኤርትራ ብምትሕንፋጽ፡ ሓባራዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ክምስርት ዝሓልም ጉጅለ ከምዘይኮነ፡ ንኹሉ ህዝቢ ብሩህ ካብ ኮነ፡ ንድሕነት ህዝቢ ምሕሳብስ ይትረፍ፡ ድርድሪት ተዓጢቑ ንጥፍኣት ህዝብን ሃገርን ይጓየ ከምዘሎ፡ ንጹር ካብ ኮነ፡ ዳርጋ ሕጂስ ኩሉ ብሃገሩ ዝሓምም ፈሊጡዎን ኣለልዩዎን ካብ ሃለወ፡ ካብ'ዚ ዝኸዶ ዘሎ መንገዲ ጥፋኣትውን፡ እተን ውድባት ኢና ዝብላ ክሳብ ሕጂ ክመልስኦን ዓገብ ክብላኦን ካብዘይከኣላን ዘይበቕዓን፡ ኣሞ እንታይ ደኣ ይገበር? ስለዚ እቲ ህዝብን እተን ውድባትን ብዝሓለፈ እኩብ ተመኵሮኦም ተማሂሮም፡ ኢድ-ንኢድ ተታሓሒዞም ብሓባር፡ ስትራተጂ ዓዲ ከም ዓላማ ወሲዶም፡ ሕጊ እንዳባ ከም መገሲ ወሲዶም፡ ምስ ዝምክቱ ጥራይ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ዝግበር ነግዲ ኣምሩ ጥራይ እዩ ኮይኑ ዝተርፍ።

ብዝተረፈ እቲ ኣብ ኣስመራ ነጊሱ ዘሎ ኢሳያስ ኣፈወርቅ፡ ክሳብ ሕጂ ዝጻባኦ ተቓዋሚ ሓይልን ህዝብን ስለዘየጋጠሞ፡ ኣንሆ ክሳብ ሎሚ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢሉ፡ ብሜላ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ምስተወጥሐ፡ 15 ዓመታት ኣሕሊፉ፡ ድሮ ከምታ መንግስቱ ሃይለማርያም መሰጋገሪ መንግስቲ ኢሉ ን17 ዓመታት ዝጸንሐን ዓመታት፡ ንኽበጽሕ 2 ዓመታት ጥራይ እየን ተሪፈንኦ ዘለዋ። ድሕሪኡውን ህዝቢ ኣኤርትራ፡ ካብ ሕጂ ጀኢሩ ይኣክል ብማለት፡ ውሕጅ ከይመጸ መገዲ ውሕጅ ክጸርግ እንተዘይኪሉ፡ ከምተን ንጉስ ሃይለስላሴ ዝገዝአን 42 ዓመታት ኢሳያስውን ክበጽሐንዩ ማለትዩ።

ልክዕዩ ብሕልፊ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ማንም ጠበንጃ ዝሓዘ ውድብ ንህዝቢ ብሓይሊ ክገዝእን ክጭቍንንሲ፡ ቅድሚ ሕጂውን ኣብ ታሪኽ ተራእዩን ተሰሚዑን እዩ። ከምዚኣ ኣብ ኤርትራ ዘላ ግን ተራእያን ተሰሚዓን ኣይትፍርልጥን'ያ። መንእሰይ ወለዶ ዘጽንትን፡ ትካል ዓዲታት ዝምንቀስን፡ ሃይማኖት ዝደፍርን መንግስቲ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝኾነ ኵርናዕ ዓለም ተሰሚዑን ተራእዩን ኣይፈልጥን። ዋላ እተን ዝኸፍአ ጭቆና ዘሕለፋ ሃገራት፡ ታሪኽን ኣንተድኣ ተኻታቲልናየንውን፡ ስልጣ መራሕተን ብጠበንጃ እኳ እንተኣረጋገጻኦ፡ ካብ ህዝቢ ብዝረኸባኦ ደገፍን ሰላማዊ ምርጫን ተሓጊዘን: ዓደን ከመሓድራ ይርኣያ ኣሎዋ። መንእሰያተን ይመሃሩ፡ መራሕቲ ሃይማኖተን ኣይተኣስሩ፡ ሃይማኖተንውን ኣይተደፍረን፡ ባህሎም ኣይተቐንጠጠን፡ መሰለን ብመጠኑ ተሓልዩለን ኣነብራ ኣሎዋ። ንኣብነት መንግስቲ ሱዳን፡ ንነብሳ ኮይናስ ካብ ፍርቂ ሚልዮን ዝበዝሕ ህዝቢ ኤርትራ ሓቝፋ ኣላ። መንግስቲ ኢትዮጵያውን ከምኡ ብዙሓት ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣዕቍባ ትርከብ ኣላ። እታ ብመዓመር ቃዛፊ እትመሓደር ሃገር ሊብያውን፡ ካብ ኤርትራ ስለዝሓሸት ተባሂሉ፡ መንእሰያት ኤርትራውያን ምድረበዳ ሰንጢቖም ክውሕዙዋ ይርኣዩ ኣለዉ። እታ ማልታ እትብሃል ንእሽቶ ሃገርውን፡ ካብ ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ዘይኣኽሉ ተቐማጦ ዘለውዋ፡ ንእሽቶ ሃገር ክነሳ፡ ከም ሃገር ተቐጺራን፡ ካብ ኤርትራ ስለዝሓሸትን፡ ነቶም ካብ ድራር ዓሳታት ዝድሓኑ መንእሰያት ኤርትራ መሰጋገሪ ኮይናቶም ኣላ። ደቡብ ኣፍሪቅቃውን፡ ምስቲ ኹሉ ዓሌታዊ ጸገማታት ዝነበራ፡ ንሳውን ካብ ኤርትራ በሊጻስ መንእሰያትና ይውሕዙዎ ኣለው።

ካብ'ዚ ሓሊፉ መንግስቲ ጭፍራ ህግዲፍ፡ መሳርሒ ስዉር ሓይሊ ኮይኑ ሕቡእ ኣጀንዳ ንምትግባር ዝተመዘ ድኣምበር፡ መንግስቲ ከምዘይኮነ ንኹሉ ተኻታታሊ ብሩህ እዩ። ኮይኑ ግን

**በዚ ዝኸዶ ዘሎኹ መንገዲ ጥፍኣት፡ ዋላ ትንፈር በጊዕ እያ ኢለ ክምርሽየ እብለና ኣሎ። ተቓዋሚ ሓይሊ ክሳብ ዘይመከቶ ካኣ፡ ነታ ዕርበት ጽሓይ ክኸዳዩ። ጽባሕ ንግሆ ግን ሃገር ንጓኖት ከምትመሓላለፍ ጥርጥር የልቦን። እቲ ኣብ ኤርትራ ኢሳያስ ምስ ኣረገ፡ ወይ'ውን ምስ ሞተ፡ ከምቲ ኣብ ዲሞክራቲክ ኮንጎ፡ ካቢላ ምስ ሞተ፡ ወዱ ስልጣን ወሪሱ ዘሎ። ከምኡውን መራሒ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ እትርከብ ሃገር ቶጎ፡ ስልጣኑ ንወዱ ኣውሪሱዎ ሓሊፉ ዘሎ፡ ወዲ ኣፎም ከኣ: ንወዱ ኣብርሃም ከውርሶዩ ዝብሃል ዘረባ ስሑዋት፡ ኣብ ኤርትራ ክፍጸም ኣይካልንዩ። መኽንያቱ እዚ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብዚ እዋንዚ ዝርአ ዘሎ ኣርማገዶን ዝኾነ ግፍዒ፡ እንተድኣ ሓደ ወይ ክልተ ዓመታት ቀጺሉ፡ ክሳብ ሽዑ ዝተርፍ ህዝቢ ክህሉ ዝኽእል ኣይመስልን። እቶም <u>ግሎባል ፕለየርስ</u> ደኣ ክርከቡዋ ይኾኑምበር፡ ህዝቢ ኤርትራስ ካብ ጐዳጕዲ ክወጽእ ኣንተዘይኮይኑ፡ እዚ ዝጸንት ዘሎ ህዝቢ ሓድጊ ወይ ዋርሳ ዝርከቦ ኣይመስልንዩ ዘሎ። ኣምላኽ ግን ኵሉ ኣይሰኣኖንዩሞ ከምታ ንኣሮን ካብ ፈርዖን ዘድሓኖ፡ ንህዝቢ ኤርትራውን ረዲኤቱ የውርደሉ።**

**ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ**
**ዓወት ነቶም ዘይሕለሉን ተስፋ ዘይቆርጹን ተቓለስቲ ደቂ ሃገር**

**ይ ቕ ጽ ል**